## ስራሕቲ መይንስትሪሚንግ

ኣብ ክልልና ዝርከባ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ሴክተራት ስራሕቲ ምክ/ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ኣካል ስረሐን ገይረን ንክወስደኦ ዝተፈላለዩ ፃዕርታት እናተተግበረ እንትኸውን ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ንሓደ ሴክተር ጥራሕ ዝምልከት ጉዳይ እንተይኮነ ኩሉ ሴክተር ክሳተፈሉ ንምግባር ኣብዚ ዓመት ከካብ ሴክተር ዝተውፃእፅኡ ልዕሊ 75 ተወከልቲ ሴክተራት ስልጠና መይንስትሪሚንግ ተዋሂቡ'ዩ። ብተወሳኺ ስራሕቲ መይንስትሪሚንግ ምጥንኻር ምስ ቤት

ፅሕፈት ኣፈ ጉባኤ ክልል ትግራይ ብምርድድእ 96 ሓደሽቲ ተመረፅቲ ኣፈጉባኤ ወረዳታት ን 3 መዓልቲ ዝሸፈነ ስልጠና ክወሃብ ተገይሩ'ዩ።

ሓደ ጋይድ ላይን /መምርሒ'ውን / መይንስትሪሚንግ ብ 1,500 ኮፒ ብቤ/ፅሕፈትና ተዳልዩ እናተኸፋፈለ ዝርከብ እንትኸውን ኣብ'ዚ ዓመት ኣብ 20 መንግስታውን ዘይመንግስታውን ሴክተራት ኩነታት መይንስትሪሚንግ ኣመልኪቱ ዝተገበረ ሓፂር ዳህሳስ ብዙሓት ሴክተራት ኮሚቴ ፀረ ኤድስ ኣጣይሸን ኣብ እስትራተጂክ ትልመን ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ኣካቲተን ፎካል ፐርሰን መዲበን ኣብ ምንቅስቓስ ይርከባ። ይኹን'ምበር መብዛሕተአን ሴክተራት ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ስራሕ /work/ እምበር መይንስትሪም ኣብ ምግባር ሐዚ'ውን ትሑት ዝኾነ ግንዛበ ከምዘሎ ምርዳእ ተኻኢሉ እዩ ።

ኤድስ ፈንድ ምጥያሽ ብዝምልከት'ውን ዉሱናት ሴክተራት ኣብ ክልልን ኣብ ወረዳን ዝጀመራ ኣለዋ። ኣብ'ዚ ሕዚ እዋን ናይ ክልልና ረቂቅ መምርሒ መጣየሺ ኤድስ ፈንድ ተዳልዩ ንቦርድ ቀሪቡ ክፀድቕ ትፅቢት ይግበር።

እዚ ክልላዊ መምርሒ ኤድስ ፈንድ ምስ ቢሮታት ፋይ/ኢኮ/ልምዓትን ፣ ቢሮ ጥዕና ክ/ትግራይን፣ ቢሮ ፍትሕን ብምኽን ንምድላው ፃዕሪ ዝተገበረሉ እዩ።

ስትራተጂክ ትልሚ (ሓሙሽተ ዓመት) ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ብቋንቋ ትግርኛን ኣምሓርኛን ተዳልዩ ተሓቲሙ ንተጠቀምቲ ተኸፋፊሉ

This document was created using SOLIDPDFTools To remove this message, purchase the product at www.SolidDocuments.com